ርእሰ ዓንቐጽ

ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ




UNITY FOR DEMOCRATIC CHANGE

إفتتاحية

الوحدة للتغيير الديمقراطي

## ሓደ ሰብ ንበዓል ነገሩ ክውክል ሕጋዊ ባይታ ኣለዎ ዶ !

### ርእሰ ዓንቐጽ
### ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

ብመሰረት ሕጊ እንዳ'ባ ኤርትራ ይኹን፡ ኣህጉራዊ መጋባእያ ሕጊ፡ ብጽቡቕ ይኹን ብሕማቕ ክልተ ሰብ ነገር ጉዳዮም ኣብ ዳንነት ምስ ዝበጽሐ፡ ብክልተ መንገዲ ክራኸቡን ክውክሉን ይኽእሉ። ቀዳማይ ኣቶም ሰብ ነገር ዳይና ዝፈቐደሎም ዝተቀበሎን ዋሕስ ምስ ዝህልዎም፡ ካልኣይ ብዓብይኡ ሕጋዊ ጠበቓን ንዕኡ ዝኣመሰሉ ምስ ዝህልውዎም ክውክሉ ይኽእሉ። ካብኡ ሓሊፉ ክልተ ሰብ ነገር ጉዳዮም ቤት ፍርዲ በጺሑስ፡ ቤት ፍርዲ ከኣ መወዳእታን ቀያድን ብይን ወይ ውሳኔታት ሂብሉ ፈጺምሎም ክነሱ እሞ ኣብ ትግባረ ዘይወዓለ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እቲ ንበዓል ጉዳዩ (ነገሩ) ወክለኒ በሃሊ ብዘይሕጋዊ፡ብዘይግሉጽነት፡ ብዘይተሳትፎን ኣፍልጦን ሓደ ሸነኽ ህዝቢ ተወሲኽዎ፡ ብሻራነት ብውሽጢ ውሽጢ ዝፍጸም ብተደጋጋሚ ዝስማዕ ውክልና በዓል ጉዳየይ (ነገረይ) ረኺበ ኣለኹ ክበሃል፡ ብኸመይ ኣገባብ ሕጋዊ ኣገባብ ክሰምርን ቅቡል ክኸውን ይኽእል።

ነዚ ብምዝልከት ኣብነት ብዓብዩ ጉዳይ ሃገርና እንተወስድና፡ ብ12 ግንቦት 1998 ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ዝተወልዐ ዶባዊ ኲናት፡ ዘስዓቦ ህልቂት መንእሰያትን፡ ምብትታን ስድራ ቤታት፡ ዝጠፍአ ጥሪንት፡ ዝበረሰ ንብረት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ከም ሳዕቤናቱ ንልዕሊ 18 ዓመት ኣይኲናት ኣይሰላም ዝቀጸለ ኩነታት ከም ደግስን ሕማም ደሓርን ንዕብየትን፡ልምዓትን ህዝብና ዓጊቱ፡ ሰላም ማሕዲጉ ዝጸንሐሉ ተወሳኺ ክሳራታት ክጥቀስ ይከኣል።

ክሳብ'ቲ ሃንደበታዊ መቀጸልታ መስርሕ ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ዝተቃልሐ ፡ ኣብ ክቱር ሰንፈላልን፡ ኣብ ሕማቕ ሃለዋት ዝጸንሐ ህዝብና ብዝነበሮ ሃንቀውታን ትጽቢትን ከኣ ብዓቢ ሓጎስ ደስታን ተቀቢልዎ። ተቃወምትን ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ'ውን ከምኡ ንብዙሕ ዓመታት ካብ ኣጀንዳታት ርክብ ክልቲኡ መንግስታት ቦኺሩን ተሰሪዙ ዝጸንሐ ኣገዳሲ ጉዳይ ሰላም ኣብ ኣጀማምርኡ ከይዕንቐፍን፡ ሒዝዎ ክመጽእ ዝክእል ኣውንታዊ ለውጥን ኣብ ግምት ብምእታው ዲፖሎማስያውን ፖለቲካውን ሓላፍነቱ ወሲዱ ደጊፍዎ። ደገፉ ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ክህሉ ዝግብኦ ነባሪ ሰላም፡ ሰናይ ጉርብትና ክተባባዕ ዝዓለመ፡ ዝሰርሓሉን ዝቃለሰሉን ባይታ ብምንባሩ ጸዋዒት ሰላም ቀ.ሚ ኢትዮጵያ ክድግፎ ባህርያዊ'ዩ ዝነበረ።

እንተኾነ እቲ ብኢትዮጵያ ዝቀረበ ጸዋዒት ሰላም ኣይሰሙን ኣይሳልስቲ፡ ህዝብና ብዘይቅበሎ ኣንፈት ወግዕን ባህልን ዘይብሉ፡ልዕሊ ጉዳዩ ዓቐኑ ዝሓለፎ መወዳድርቲ ዘይብሉ ኣብ ክንዲ ኣብ መንጎ ክልተ ኣህዛብን ሃገርን ምኽኑ ተሪፉ፡ መራሕቲ ኣብ ሓድሕዶም ዝወዳደስሉንን፡ ብዘይሕጋዊ ዝወኻከሉን (ውክልና) ክተዓዳደሉ ኣብ ኣፈናዊ ርክብ ኣስመራ 8 ሓምለ 2018

ዝተራእየን ዝተሰምዐን ደረጃ'ቲ ዝምድና ዝምስክሮ'ዩ። ኣይደንጎየን ኣብ ሚለንዩም ኣደራሽ ብ14 ሓምለ 2018 ተደግመን ተደጋገመን።

ጉዳይ ካብ'ቲ ትጽቢት ህዝብና፡ ካብ ሕጋውነትን ወግዕን ኣገባብን ኣፈጻጽማ መስርሕ ሰላም ወጻኢ ኸደ። ኣብ ከብዲ ኣዳራሽ ከተማ ኣስመራን፡ኣዲስ ኣበባን ከይኣክል ብ21 ጥሪ 2019 ቀ.ሚ ኢትዮጵያ ወግዓዊ ኣህጉራዊ ርክባት ኣብ ሮማ ምብጻሕ ኣብ ዘኻየደሉ ከይተረፈ፡ ሙሉእ ፈጽሚ ዘይበጽሐ ጉዳይ ንበዓል ነገሩ ወካሊ ምኳኑ ገሊጹ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ንህዝቢ ዘሰምበደ ተወሳኺ ግብራዊ ስጉምቲ ኣስዓበሉ።

መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ንክልተ ዓበይቲ ምኽንያታት ውክልና ክህብን ክፈቅድን ከም ዘይክእል ከረድኣና ዝኽእል፡ ቀዳማይ ሕጊ'ዩ፡ ካልኣይ ከኣ ህዝቢ'ዩ። ምእንቲ'ዚ ቅዋማውን ሕጋውን ኣሰራርሓ ዘይብሉ፡ ህዝቢ ዘይመረጾ መንግስትን ምምሕዳርን ተሰጋጊሩን ተመጣጢሩን ውክልና ክህብን ክዕድልን ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ ባይታን ደገፉን ክህልዎ ኣይክእልን።

ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ህዝብና ብፍላይ ከም ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ብትሪ ዝጣበቀሎም ይንኣሱ ይዕበዩ፡ ውሻጣዊ ኮነ ግዳማዊ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ፡ ብቅዋምን ሕግን ዝተማእከለ ውክልና ህዝቢ ዘለዎ መንግስትን ምምሕዳር ክፍጸም ይኣምን። ነዚ ዓይነት ኣገባብ ክነግስ ይቃለስን።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና
ቤ/ጽ ዜና ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ